28/06/2011

# ፍትሒቲ ደብዳቤ

# ናብ ክቡር ሓወይ መማስሕቲ መርየተይ

# ኣቶ ግርማይ ኪዳነ ( ወደባት )

ድሕሪ ምውቅ ሃገራዊ ሰላምታይ ምቅራብ ኣብ ኩሉ እትገብሮ ዘሎኻ ስራሓት ኣሳልጦ ክትረክብ ተስፋ እገብር።

እቲ ንህዝብና ብፍላይ ድማ ንብሔረ ጀበርቲ ዘቅረብካዮ ጽሑፋት ብቃል ጥራሕ ዝቀርብ ምስጋና ኣይኮነን። ኣብ ወጻኢ እንርከብ ቡዙሓት ኤርትራውያን ከምዚ ናትካ ብትብዓት ዘይምጽሓፍና ክንውቀስ ይግባኣና ። ኮይኑ ግን እስኻ ብትብዓት ስለዝጀመርካዮ ፣ ረቢ ዕድመን ጥዕናን ይሃብካ ( ጸባ ኣስቲኻና ፣ ጸባ ስተይ ) ።

ልክዕ እዩ ጉቡእካ ኸይኑ ፣ ህዝብኻ ኣብዚ ዓይነት ስቅያት እንዳሃለወ ፣ ሱቅ ኢልካ ክትሪኢ ሕልናኻ ኣየፍቅደልካን እዩ። ነዚ ምጻሓፍካ ድማ ዘለኒ ኣድናቆት ወሰን የብሉን ።

ክቡር ግርማይ ሓወይ እዚ ትጽሕፎ ዘሎኻ ውድዓዊ ኸይኑ ፣ ንመጻ ወለዶ መወከሲ ክኸውን ስለዝኽእል ፣ ቀጻሊ ንክኸውን ብብዙሕ ሃረርታ ኢና እንጽበዮ።

እቲ ናይ መጀመርያ ጽሑፋትካ ፣ ብቀጥታ ናብ ቋንቋ ዓረብኛ ተተርጉሙ ኣብ ማእከላይ ምስራቅ ተዘርጉሑ ። እዚ ድማ ክንደየናይ ጽሑፋትካ ኣገዳስን ክብደት ዘሎዎ ምኻኑ ዘረጋግጽ እዩ።

ብዛዕባ ሰልፊ ናህዳን ማሕበር ጀበርትን ዝምልከት ዝሓተትካየን ኣርባዕተ ሕቶታት ፣ መልሰ ንምሃብ ፣ ጽሑፍ ይዳለው ኣሎ። ኣብ ዝቀልጠፈ ግዜ ክሰደልካ እየ። ካልእ ኣገደስቲ ጽሑፋትውን ስለዘሎ ኣድራሻኻ ረኺበ ክሰደልካ እየ።

ብዛዕባ ምንቅስቃስ " ሓረካ " ዝምልከት ፣ ካብቲ ግዜቲ ጀሚሩ ዝነበረ ጉዕዞ ሕዝቢ ኤርትራ ይጽሕፍ ከምዘሎኹ ክሕብረካ ይፈቱ።

ኣብ መጨረስታ ንጉዳይና ክንድዚ ተገዲስካ ብምጽሓፍካ ፣ ሓቅታትን መርትዖን ብምቅራብካ ፣ ዝለዓለ ንኻን " ሽልማት " ብሽም ኩሉ ደቂ ብሔረ ጀበርቲ የቅርበልካ ።

ካብ ሓውኻ

ሸኽ / ሥራጅ መሐመድ ኑር

ሪያድ